# ነጻ ትምህርቲ ናይ ኖርወጅኛን ስነ-ማሕበራዊ ፍልጠትን፣

### ነጻ ትምህርቲ ናይ ኖርወጅኛን ስነ-ማሕበራዊ ፍልጠትን ናይ ምምሃር መሰል፣

ናትካ መንበሪ ፍቓድ ኣብ ኖርወይ፡ ብጠቕላላ 600 ስዓታት ብነጻ ናይ ምምሃር መሰል ይህብ እዩ። እዚ ማለት ድማ፡

- ኖርወጅኛ (550 ስዓታት)፡ ከምኡ'ውን፣
- ስነ-ማሕበራዊ ፍልጠትን (50 ስዓታት)፣

እቲ ትምህርቲ፡ ንሰለስተ ዓመታት ነጻ ኢዩ፣ ማለት፣

- ካብቲ መንበሪ ፍቓድ ዝተቐበልካሉ፡ ወይ ከኣ፣
- ካብቲ ንስኻ ምስ ሕጋዊ መንበሪ ፍቓድ ናብ ኖርወይ ዝኣተኻሉ፣

### ኖርወጅኛን ስነ-ማሕበራዊ ፍልጠትን ናይ ምምሃር ግዴታ፣

ነዚ ዝስዕብ ዝምልከት እተቕርቦ ሕቶ ተቐባልነት ንኽትረክብ፣ ናይ 600 ስዓታት ናይ ኖርወጅኛን ስነ-ማሕበራዊ ፍልጠትን ትምህርቲ ከተማልእ ግዴታ ኣሎካ፣

- ቀዋሚ መንበሪ ፍቓድ፡ ከምኡ'ውን/ ወይ ከኣ፣
- ዜግነት፣

ካብዚ ግዴታ'ዚ ነጻ ንኽትከውን ከትሓትት ትኽእል ኢኻ፡ እንተ ድኣ፡-

- ንስኻ ብኖርወጅኛ ወይ ሳሚኛ (Samisk) ዘለካ ፍልጠት እኹል ምዃኑ ዘረጋግጽ ሰነድ ከተቕርብ ክኢልካ፣
- ፍሉያት ናይ ጥዕና ወይ ካልእ ብኽቢድ ዝምዘኑ ምኽንያታት ከም ዘለካ ተረጋጊጹ፣

### ግብራዊ/ ጠቓሚ ሓበሬታት

ንትምህርቲ፡ ወይ ከኣ ካብ ትምህርቲ ነጻ ንምዃን ከተመልክት ምስ እትደሊ፡ ኣብቲ ዝተመዝገብካሉ ህዝባዊ ምምሕዳር ዝርከብ ናይ ልዕሊ-ዕድመ ትምህርቲ (Voksenopplæring) ክትውከስ ኣሎካ። ሕቶ ምስ ዝህልወካ ወይ ከኣ ንናይ ግዜ ገደብን ጉዳይ) መሰላትን ዝምልከት ዝርኢ ሓበሬታ ምስ እትደሊ ድማ፡ ነቲ ናይ ልዕሊ-ዕድመ ቤት ትምህርቲ ክትውከስ ትኽእል።

ባዕልኻ'ውን ኣብ www.imdi.no ወይ ከኣ www.udi.no ሓበሬታ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ።